# መግለጺ ቅዋም ምምሕዳር ዞባ ምብራቕ ትግራይ

እንግድዓ መኸተና ዝኾነ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ክጣየሽ ክሎ ህዝቢ ትግራይ ንምድሓን እምበር ንዝኾነ ጉጅለ፣ ፖለቲዊ ምልከታን ሃይማኖታዊ እምነትን ንኽድሕን ከምዘይኮነን ዝፍለጥ ሓቂ እዩ።

ዓለም ብዘሰደምም ድማ ንፀላእቲ መኪቱ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብጅግንነቱ ዘፈረመ ናይ መኸተ ውዳበ እዩ። ይኹን እምበር ብዕምኢ ወምበር ዝዓበደ ጉጅለ ውሱናት ናይ መላእ ሰራዊትና ሓሳብ ዘይውክሉ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብምሓዝ ሰራዊት ምሳይ እዩ እናበለ ንህዝቢ ከዳናግር ፀኒሑን ኣሎን ።

እናሆ ድማ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ፎቆዶ በረኻታት ትግራይ ብኽርፋሕ ናብራ እናተሳቐዩ እንከለዉ ፀገማቶም ኣብ ክንዲ ምስ መንግስቲ ተላዚብካ ምፍታሕ ምስ ወምበሩ እምበር ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ዘይግድሾ ዳግም ኩናት እንተተወለዐ እውን ንዘይሕርብቶ ጉጅለ ብምደጋፍ ዘይሕጋዊ መበል 14 ጉባኤ ዘካየደ ኢና እንድግፍ ግዝያዊ ምምሕዳር ብኡ ይተዓራረ ተባሂሉ ብደገፍቲ እቲ ጉጅለ ዝኾኑ ሓይልታት ፀጥታ ዝወፀ መግለፂ ካብ ሕጊ ወፃኢን ህዝብን ምምሕዳርን ዞባ ምብራቕ ኣዝዩ ዘሕዘነን ዘቖጠዐን መሰከፍን መግለፂ ምዃኑ እናፍለጥና ከም ምምሕዳር ዞባ ምብራቕ ትግራይ እዞም ዝስዕቡ ናይ ቅዋም መግለፂ ነጥብታት ኣውፂእና ኣለና ።

1. መግለፂ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብዝብል ዝወፀ ናይ ውሱናት ሓሳብ ንህዝብናን ንሰራዊትናን ፍፁም ዘይውክል ስለዝኾነ ቀልጢፉ ክእረም ንፅውዕ።
2. እዚ መግለፂ ቅሉዕ ዝኾነ ዕልዋ መንግስቲ ስለ ዝእውጅን ትግራይ መንግስቲ ኣልባ ዝገብርን ናብ ሕድሕድ ኩናት ዘእትን ስለ ዝኾነ ኣትሪርና ንኹንን።
3. ሓይልታት ፀጥታና ንሓደ ጉጅለ ዝድግፍ ዘይኮነስ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ዝተሰወኣን ኣካሉ ዝጎደለን እንሃለወ ንሓደ ጉጅለ ዝድግፍ መግለፂ ምውፃእ ሰራዊትናን ዓቕሚ ትግራይ ዝብትንን ዘሎ ንዕዕራዊ ሰላም ዝህውኽ ስለ ዝኾነ ኣትሪርና ንቃወም
4. ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ላዕለዋይ ኣካል ናይ ትግራይ ስለ ዝኾነ ነዚ መግለፂ ህፁፅ እርማት ክህበሉ ንፅውዕ
5. መላእ ህዝብና ብፍላይ መንእሰይና እቲ ዝመፅእ ሓውን ህልቂትን ወምበር ትኹረት ገይሮም መግለፂ ንዘውፅኡ ኣካላት ዘይኮነ ዝልብልብስ ንዓኻን ሰፊሕ ህዝብን ስለ ዝኾነ ኣትሪርካ ክትቃወሞ ንፅውዕ።
6. ኣብ ትግራይ ንሓደ ጉጅለ ደጊፍካ ዝመፅእ መፍትሒ ከምዘየለ ተገንዚብኩም ኣብ ትግራይ እትንቀሳቀሱ ፖለቲካዊ ውድብትን ስቪክ ማሕበራትን እዚ መግለፂ ትግራይ ናብ ህውከትን ዕግርግርን ዘእቲ ምዃኑ ኣሚንኩም ክትኩንኑ ንፅውዕ።

7. ድያስፖራ ህዝብና ትግራይ ንምድሓን ዝገበርካዮ ቃልሲ ዘውፃእካዮ ገንዘብ፣ ማተርያልን ጉልበትን ሓደ ፀቢብ ጉጅለ ኣብ ሓደጋ ኣእትይዎ ስለዝርከብ ነዚ ዘፍሰስካዮ ሃፍቲ ኦዲት ክይግበር ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝወዓለ ድማ ምስጋና ክይዋሃበካ ብስራዊት ኣቢሉ ክሕባእ ዝደሊ ጉጅለ ስለዝኾነ ነዚ መግለፂ ኣትሪርካ ክትቃወም ንፅውዕ።

8. ነዚ ውሳነ ደገፍቲ ፀቢብ ጉጅለ ዝኾኑ ሓይልታት ፀጥታ ዘውዕእዎ ፃሕታሪ ኩናትን ዳግማይ ዕፅዋን ክባን ዝእንፍት መግለፂ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ሓደጋ የእቲ እዩ ኢልኩም መርገፂኹም ዝሓዝኩም ኣዘዝቲ ሰራዊትና ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ እናተዘከርኩም እትነብሩ ምኻንኩም እናገለፅና ዘለና ክብሪን ናእዳን ዝለዓለ ምኻኑ እናሓበርና ኣብ ስሑት ኣንፈት እናገለፅና ዘለና ክብሪን ናእዳን ዝለዓለ ምኻኑ እናሓበርና ኣብ ስሑት ኣንፈት ሰላም ዘለዉ ዳንኬራ መከራን ኩናትን ዘይወረደሎም ኣካላት ኣሰር ኣንፈት ሰላም ዝኸተሉ ብፆቶም ክስዕቡ ንፅውዕ ።

9. ካብ መረበቱ ዝተመዛበለ ህዝብና ንክይምለስ ንግዝያዊ ምምሕዳር መዓልታዊ ኣጀንዳ እንፈጠረ ስቓይ ህዝብና ዘናውሕ ዘሎ ናይ ስልጣን ህርፈት ዘለዎ ጉጅለ ኣትሪርና እናኾነንና ተመዛበልትና ብዘይ ዋዓል ሕደር ክምለሱ ንፅውዕ።

10. ዝኸበርኩም ጅጋኑ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ንስኹም ኣብ ፀሓይን ቀትርን ቁርን እናተሳቐኹም ዘብዒ ህዝብኹም ኮይንኩም ለይትን ቀትርን እናሰራሕኹም እናሃለኹም ብስምኩም ዝነግዱ ኣካላት ይኣክል ክትብልዎምን ብጅግንነትኩም ዘምፃእኹሞ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ዘፍርስን ንዓኹም ናብ ዳግም ኩናት ዘእትን መግለፂ ስለ ዝኾነ ክትኩንንዎን ክትዕየፍዎን ንፅውዕ።

**ዘልኣለማዊ ክብርን ሞገስን ነቶም ምእንቲ ህዝቢ ትግራይ ዋጋ ዝኸፈሉ ስውኣትና !!**

15 ጥሪ 2017 ዓ/ም

**ምምሕዳር ዞባ ምብራቕ ትግራይ**